# ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

# ቢሮ ልምዓት ከተማ፤ንግድን ኢንዱስትሪን

## ኣብ 12 ዓበይቲ ከተማታት ትግራይ

## "ዓርሰ ሓገዝ ሓበራዊ መንበሪ ኣባይቲ ሕብረት ስራሕ ማሕበር"

## መፈፀሚ ማኑዋል

ታሕሳስ 2009 ዓ/ም

<u>መቐለ</u>

## መእተዊ

መንግስቲ ናይ ዜጋታት ናይ ልምዓት መንበሪ ኣባይቲን ኣቕርቦትን ተግባራዊ ንምግባር ናይ ከተማ ቦታ ብሊዝ ንምሓዝ ዝወፀ ኣዋጅ ቁፅሪ 721/2004 ብምደባ ዝፍቀዱ ቦታታት ዓንቀፅ 12 ብዘቐመጦ ድንጋገ መሰረት ዓርሰ ሓገዝ ናይ ሓባር መንበሪ ኣባይቲ ሕ/ስ/ ማሕበር መንበሪ ኣባይቲ ንምክያድ እቲ ከይዲ ግልፅነትን ተሓታትነትን ብዘለዎ ኩነታት ንኽምራሕ ብመንግስቲ ዝተቐመጡ ናይ ኣፈፃፅማ ኣንፈት ብዝድለ መንገዲ ተግባራዊ ንክኸውን ኣድላይ ኾይኑ ብምርካቡ፤

ኣብዚ መምርሒ ተጠቃሚ ክኸውን ንዝደሊ ናይ ከተማ ነባሪ ካብ ኣታዊኡ ብምቑጣብ ዘለዎ ናይ መንበሪ ፀገም ንምቕራፍ ንክኽእል እቲ ምዝገባ ቁጠባ መሰረት ዝገበረ ንክኸውን ስለ ዝተኣመነሉን፤

ኣብ ኩለን ዓበይቲ ከተማታት ትግራይ ዝነብሩ ደለይቲ መንበሪ ገዛ ክውደቡ ኣብ ዝቐርብሉ እዋን ከማልእዎም ዝግባኡ ቅድመ ኩነታት ኣቐዲሞም ንክፈልጥዎ ብምግባር ብዓርሰ ሓገዝ ናይ ሓባር መንበሪ ኣባይቲ ዝካየዱ ናይ መንበሪ ኣባይቲ ፕሮግራም ሕ/ሰብ ካብ ዝገብሮ ፃዕሪ ብተወሳኺ ብመንግስቲ ብዝግበር ድጋፍ ናይ መንበሪ ገዛ በዓል ዋና ንክኸውን ብምግባር ፍትሓዊ ናይ ሃፍቲ ክፍፍል ክህሉ ምግባር ኣድላይ ብምኻኑ፣

ቢሮ ልምዓት ከተማ ንግዲን ኢንዳስትሪን ቤት ምክሪ ስራሕ ፈፃሚ ቢሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ መፈፀሚ መምርሒ ናይ ምውፃእ ስልጣን ብዝሃቦ ድንጋገ መሰረት መምርሒ ቑፅሪ 3/2009 ኣውፂኡ ኣሎ።

## ክፍሊ ሓደ

# ኣግባብ ኣወዳድባ ን ኣተዓዳድላ ቦታን ዓርሰ ሓገዝ ናይ ሓባር መንበሪ ኣባይቲ

### ሀ. ናይ ኣወዳድባ ኣፈፃፅማ ስነ-ስርዓት ዝምልከት

**ኣብዚ ዓርሰ ሓገዝ ናይ ሓባር መንበሪ ኣባይቲ ደለይቲ ገዛ ክውደቡ ዝኽእሉ**

- ❖ ናይታ ከተማ ነበርቲ
- ❖ ኣብታ ከተማ ዝርከቡ መንግስታዊ ኣብያተ ዕዮ ዝሰርሑ ቐወምቲ ናይ መንግስቲ ሰራሕተኛታት
- ❖ ኣብታ ከተማ ዝርከቡ ናይ ልምዓት ትካላትን ሓፋሽ ማሕበራትን ዝሰርሑ ቐወምቲ ሰራሕተኛታት
- ❖ ኣባላት ሰራዊት ምክልካል ሃገር ተጋሩ
- ❖ ኣባላት ፌደራልን ኣ/ኣበባን ድሬዳዋን ፖሊስ ተጋሩ
- ❖ ኣባላት ፍሉይ ሓይሊ ክልል ትግራይ
- ❖ ድያስፖራ ተጋሩ

### ለ. ኣብዚ ዓርሰ ሓገዝ ናይ ሓባር መንበሪ ኣባይቲ ንምውዳብ ዝህሉ ቕድመ ኩነት

**1. ነበርቲ ከተማ**

- ነበርቲ ከተማ ኮይኖም ኣብታ ከተማ ክልተ ዓመትን ልዕሊኡን ዝነበሩን ዝነብሩ ዘለዉን ኮይኖም ኣብቲ ከተማ ነባርነቶም ብመለለዩ መንነት መሰረት ጥራሕ ይረጋገፅ።እቲ መለለዩ መንነት ዝተውሃበሉን ዝተሓደሰሉን እዋን ብግልፂ ዘርኢ ኮይኑ ኣብዝ ውደበሉ ዓመት ምህረት ወቕቱ ሓልዩ ዝተሓደሰን ኣብቲ ከተማ ክልተ ዓመትን ልዕሊኡን ነባርነቱ ዘርኢ ክኸውን ኣለዎ።
- ነባሪ ከተማ ካብ መለለዩ መንነት ወፃኢ ካልኦት ድጋፋት ብምቕራብ ምውዳብ ኣይከኣልን። ኣብቲ ዝውደበሉ ከተማ ነባሪ ኮይኑ ነገር ግን ብምኽንያት ከቢድ ሕማም ብሕክምና ካብቲ ከተማ ወፃኢ ዝፀንሐ ነባሪ ኣብቲ ቦታ ክሳብ ክንደይ እዋን ከም ዝፀነሐ ወይ ከም ዝፀንሕ ብዝርዝር ሕጋዊ መረዳእታ ኣብቲ ናይ ሕክምና ትካል ብላዕለዎት ሰብ ሞያ እቲ ሕክምና እንተቕሪቡ ንምውዳብ ብቑዕ ይኸውን።
- ቀዋሚ ወይ ተከታታሊ እቶት ዘለዎን ንኣታዊኡ ግብሪ ዝኸፍለሉ ምካኑ መረጋገፂ መረዳእታ ከቕርብ ኣለዎ።

- እቲ ዝውደብ ሰብ ብባዕሉ  ወይ ብሽም በዓልቲ ሓዳሩ ኣብ ውሽጢ ዝምዝገበሉ ወይ ዝውደበሉ ዘሎ ከተማ መንበሪ ገዛ ፣ ናይ መንበሪ መስርሒ ቦታ ዘይብሉ ፣ ናይ ሓባር ኣባይቲ /ኮንዶሚኒዬም/ ዘይብሉ ኽኸውን ኣለዎ፤
- ብውርሲ ወይ ብውህብቶ ዝተረከበ ካብ ሓደ ንላዕሊ ውልቀ ሰባት ዝውንንዎ ቦታን ገዛን እንተሃልዩ እቲ ስፍሓት ቦታ ትሕቲ ስታንዳርድ ናይ ከተማ እንተኮይኑ ክውደቡ ይኽእሉ እዮም።
- ድሕሪ ምውዳቦም ትሕቲ ስታንዳርድ ምካኑ ብቤት ማዘጋጃ/ ከይዲ ስራሕ ምልማዕ መሬትን ማኔጅመንትን ይረጋገፅ።
- እቲ ትሕዝቶ ልዕሊ ስታንዳርድ ኮይኑ እንተተረኺቡ እቲ ውዳበ ይፈርስ።

## 2. ናይ መንግስቲ ወይ ናይ ልምዓት ትካላትን ሓፋሽ ማሕበራትን ቀወምቲ ሰራሕተኛ

- ናይ መንግስቲ ሰራሕተኛ ወይ ናይ ልምዓት ትካላትን ሓፋሽ ማሕበራትን ቀዋሚ ሰራሕተኛ እንተኾይኑ ናይቲ ትካል ቀዋሚ ሰራሕተኛ ምካኑን ወርሓዊ ዝኽፈሎ መሃያ ዝገልፅ ደብዳቤ ብምምሕዳር ሓይሊ ሰብ እቲ ትካል ተረጋጊፁ ብላዕለዋይ ሓላፊ ዝተሰነየ ድጋፍ ክቕርብ ኣለዎ።
- ኣብታ ከተማ እንትርከብ መንግስታዊ ፣ ናይ ልምዓት ትካል ወይ ሓፋሽ ማሕበራት ቐዋሚ ሰራሕተኛ ዝኮነ ሰብ ናይ መንነት መለለዪ ካርዲ ምቕራብ ወይ ኣብታ ከተማ 2 ዓመትን ልዕሊኡን ነባሪ ምካኑ ናይ ምርግጋፅ ግዴታ ኣይብሉን።
- ኣብቲ ዝውደበሉ ከተማ ዝርከብ ኣብያተ ዕዮ መንግስቲ ወይ ልምዓት ትካልን ሓፋሽ ማሕበራትን ቀዋሚ ሰራሕተኛ ኮይኑ ነገር ግን ብምኽንያት  ትምህርቲ ዕድል ወይ ብሕክምና ካብቲ ከተማ ወፃኢ ዝነበረ ብዝርዝር ሕጋዊ መረዳእታ እንተቕሪቡ ካብቲ ስራሕ ዘይለቐቐ ምካኑ መረጋገፂ እንተቕሪቡ ንምውዳብ ብቑዕ ይኸውን።
- ማእከሎም ኣብታ ከተማ ዝኾኑ ናይ ፌደራል ፥ ክልል፥ ዞባን ወረዳን ናይ መንግስቲ ትካላትን ናይ ልምዓት ትካላትን ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት ብቀዋምነት ኣብታ ከተማ ንክሰርሑ ዝተመደቡ ምካኖም ምስ ዝኽፈሎም ወርሓዊ መሃየኦም ዝገልፅ ካብ ዋና እቲ ቤት ዕዮ መረጋገፂ ድጋፍ ክቕርቡ ኣለዎም።
- እቲ ዝውደብ ሰብ ብባዕሉ  ወይ ብሽም በዓልቲ ሓዳሩ ኣብ ውሽጢ ዝምዝገበሉ ወይ ዝውደበሉ ዘሎ ከተማ መንበሪ ገዛ ፣ ናይ መንበሪ መስርሒ ቦታ ዘይብሉ ፣ ናይ ሓባር ኣባይቲ /ኮንዶሚኒዬም/ ዘይብሉ ኽኸውን ኣለዎ፤

3. ኣብ ምክልኻል ሃገር፤ ፌደራል ፖሊስ ሰራዊትን ፍሉይ ሓይሊ ከምኡ እዉን ኣብ ኣዲስ ኣበባን ድሬዳዋን ህዝባዊ ፖሊስ ዝተዋፈሩ ተጋሩ

- ኣባላት መከላኸሊ ሰራዊት፤ ፌደራል ፖሊስን ፍሉይ ሓይሊን ኣዲስ ኣበባን ድሬዳዋን ህዝባዊ ፖሊስ ተጋሩ ንኸዉደቡ ኣባላት ምኻኖምን ኣብ ስራሕ ዘለዉ ምካኖምን ዝኸፈሎም ወርሓዊ መሃያን ዝሕብር ካብ ዝምልከቶ ቤት ዕዮ ምክልኻል ሰራዊት ፣ ካብ ፌደራል ፖሊስ ወይ ድማ ፍሉይ ሓይሊን ኣዲስ ኣበባን ድሬዳዋን ፖሊስ ኣብቲ ዝዉደብሉ እዋን ጊዜ ዘይሓለፎ ብላዕለዋይ ሓላፊ ዝተፈረመ ብኣድራሻ ናብታ ዝውደበላ ከተማ ድጋፍ ደብዳቤ ከቕርቡ ኣለዎም።
- መከላኸሊ ሰራዊትን ፌደራል ፖሊስን ፍሉይ ሓይሊ፣ ተጋሩ ኣ/ኣበባን ድሬዳዋን ፖሊስ ንበይኖም ወይ ድማ ምስ ካልኦት ነበርቲ ክዉደቡ ዝኽእሉ ኮይኖም ካብ ሓደ ግዜን ሓደ ቦታን ከተማን ንላዕሊ ዕድል ክፍቀድ ኣይኽእልን።
- ተጋሩ መከላኸሊ ሰራዊት፤ ፌደራል ፖሊስን ፍሉይ ሓይሊ ተጋሩ ኣ/ኣበባን ድሬዳዋን ፖሊስ ኣብዚ ዓርሰ ሓገዝ ናይ ሓባር መንበሪ ኣባይቲ ንኽዉደቡ ኣብ ኩለን ከተማታት ትግራይ ብባዕሉ ወይ ብዓልቲ ሓዳሩ/ራ መንበሪ ገዛ ዘይብሎም ምካኑ ውዕሊ ክፍፅሙ ኣለዎም።
- ተጋሩ መከላኸሊ ሰራዊት፤ ፌደራል ፖሊስን ፍሉይ ሓይሊን ኣዲስ ኣበባን ድሬዳዋን ህዝባዊ ፖሊስ ተጋሩ ኣብ ዝመረፅዋ ሓንቲ ከተማ ትግራይ ናይ ምውዳብ መሰል ኣለዎም።

4. ኣብ ወፃኢ ዝነብሩ ኢትዮጵያዉያንን ትዉልደ ኢትዮጵያዉያንን (Diaspora) ተወዲቦም መስርሒ ቦታ ከተማ ዝረኽብሉ ኣገባብ፥ ኣወዳድባን ወዳቢ ኣካልን ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ህንፀት መንበሪ ገዛ ዲያስፖራ፥

- ኣብዚ ዓርስ ምትሕግጋዝ ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ህንፀት መንበሪ ገዛ ዲያስፖራ ብኤምባሲታትን ሚስዮናትን ይዉደቡ።
- ካብ ሚኒስቴር ጉዳያት ወፃኢ ዳይሬክቶሬት ጉዳያት ዲያስፖራ ኣብ መንበሪ ገዛ ናይ ዝተወደበሉ ብደብዳቤ መረዳእታ ከቕርቡ ኣለዎም።
- ናይዚ ገዛ ማሕበር ተጠቀምቲ ክኮና ዝክእላ ማሕበራት መሬት ንኽርከባ ንጠቕላላ ህንፀት ዘወድእ መጠን ገንዘብ ኣብ ዕፁዉ ባንኪ ሒሳብ ብናይ ወፃኢ ሸርፊ ዘቐመጣ ምኻነን መረጋገፂ ከቕርባ ኣለወን።
- ኣብዚ ፕሮግራም ተጠቃሚ ዝኾውን ዳያስፖራ ኣብ ከተማታት ትግራይ ሓንቲ ከተማ ጥራሕ ዝመርፅ ኮይኑ ቅድመሕዚ መንበሪ ገዛ ዘይብሉ ክኾን ኣለዎ።

## ሐ. ኣግባብ ኣወዳድባ ቐደም ሰዓብ

ኣባል መንበሪ ሕብረት ስራሕ ማሕበር ክኮን ዝደሊ ሰብ ኣብ መምርሒ ቑፅሪ 3/2009 ዝተቐመጡ ድንጋገታት ብምምላእ በዞም ዝስዕቡ ኣገባባት ክውደብ ኣለዎ።

1. **ንውዳበ ብቑፅ ዝገብር ገንዘብ ኣብ ዕፁው ባንኪ ኣታዊ ምግባር**

- ✓ ኣባላት ምስ ባንኪ ምትእስሳር ክይገበሩ ናይ ጠቕላላ ህንፃ ግምት 50% ኣታዊ ክገብሩ ዝኽእሉ እንተኮይኖም ኣብ ባንኪ ወይ ማይክሮ ፋይናንስ ኣብ ዕፁው ባንኪ ብሽም እቲ ማሕበርን ክዓቑሩ ኣለዎም።
- ✓ ናብ ዕፁው ባንኪ ዝቕመጥ ገንዘብ እቶም ኣባላት ማሕበር ብዝወከልዎም ኣባላት ኣቢሉ ክኽፈት ይኽእል ።
- ✓ ምስ ባንኪ ምትእስሳር ዝገብሩ ማሕበራት ሕድሕድ ኣባል ካብ ጠቕላላ ናይ ህንፃ ዋጋ 20% ኣብ ማይክሮፋይናንስ ኣባላት ማሕበር ብዝወከልዎም ኣባላት ኣቢሉ ኣብ ዕፁው ባንኪ ይቕመጥ ።
- ✓ ብወከልቶም ኣቢሎም ዝዓቑሩ ኣባላት ንዝወከልዎም ኣካላት ብዝርዝር መሪያም ክፍርሙ ኣለዎም።

2. **ናብ ወዳቢ ኣካል ምቕራብን ምውዳብን**

- **ክማልኡ ዝግበኦም መረዳእታታት**

- ✓ ብነባሪነት ዝውደብ እንተኾይኑ ናይ መለለይ መንነት ካርዲ ዝተሓደሰ ኦርጅናልን ዘይምለስ 3ኮፒን፤
- ✓ ብነባሪነት ዝውደብ እንተኾይኑ ቀዋሚ ወይ ተከታታሊ ኣታዊ ዘለዎ ምካኑ ናይ ዕሑፍ መረዳእታ
  - ነጋዳይ እንተኮይኑ ሒሳብ መዝገብን ግብሪ ዝኸፍለሉ ሕጋዊ ደረሰይን ከቕርቡ ኣለዎም፤ ሒሳብ መዝገብ ናይ ምቕራብ ግዴታ ዘይብሎም ነጋዶ ምንግስታዊ ግብሪ ዝኸፈልሉ ሕጋዊ ደረሰኝ ከቕርቡ ኣለዎም።
  - ኩንትራት ሰራሕተኛ እንተኮይኑ ኣብ መንግስታዊ፣ ሓፋሽ ማሕበራትን ናይ ልምዓት ትካላትን ዝሰርሑ እንተኮይኖም ወርሓዊ መሃይኦ ዝገልፅ ናይቲ ትካል ድጋፍ ደብዳቤ፣ኣብ ናይ ውልቀ ትካል ዝሰርሕ እንተኮይኑ/ና ዝቐርብ ናይ ወርሓዊ እቶት ደብዳቤ መንግስታዊ ግብሪ ዝኸፍል ምኳኑ መረጋገፂ ከቕርብ ኣለዎ።
  - ጡረተኛ እንተኾይኑ ጡረተኛ ምኳኖምን ኣታዊኦምን ዘረጋግፅ መረዳእታ ከቕርቡ ኣለዎም

- ደኣንት እንተኮይኖም ሕጋዊ ዝተወደብሉን ዝሰርሐሉን ኣታዊኡን ዝገልፅ መረዳእታ ምስ ብስም ማሕበር ወይ ብግሊ ትካሉ ዝተኸፈለ ግብሪ ደረሰኝ ከቕርብ ኣለዎ። ብሕጊ ግብሪ ክከፍሉ ዘይግበኦም ናይ ሲድማኒ መዋህለሊ ካፒታል ዝተወደቡ ልምዓት ጉጅለ ደኣንት እንተሃልዮም ግና መረጋገፂ ሰርተፍኬት የቕርቡ።
- ካብዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሱ ወፃኢ ዘለዉ ክፉል ሕ/ሰብ ዝሰርሕሉ ወይ ኣታዊኦምን ዝገልፅን ነቲ ኣታዊኦም ዝኸፈልሉ መንግስታዊ ግብሪን መረዳእታ የቕርቡ።

- ✓ ዝውደብ ሰብ ቐዋሚ ኣታዊኡ ብበዓልቲ ሓዳሩ/ራ እንተኮይኑ ሕጋዊ ናይ ፅሑፍ መረዳእታ ከቕርቡ ኣለዎም።
- ✓ ብመንግስቲ ሰራሕተኛ ወይ ናይ ልምዓት ትካል ሰራሕተኛ ወይ ሓፋሽ ማሕበራት ቀዋሚ ሰራሕተኛ ዝውደብ እንተኮይኑ ቀዋሚ ሰራሕተኛ ምካኑ ዝሕብርን መጠን መሃይኡን ዝሕብር መረጋገፂ ናይ ድጋፍ ደብዳቤ፤
- ✓ ኣባል መከላከሊ ሰራዊት፣ ፌደራል ፖሊስ ወይ ፍሉይ ሓይሊ ኣዲስ ኣበባን ድሬዳዋን ህዝባዊ ፖሊስ ተጋሩ እንተኮይኑ ኣባል ምካኑን ወርሓዊ መጠን መሃይኡን ዝገልፅ ናብ ወዳቢ ኣካል ዝተፅሓፈ ናይ ድጋፍ ደብዳቤ፤
- ✓ ሓዳር ዘለዎ እንተኾይኑ ናይ በዓል/ቲ ሓደራ/ሩ መንነት ዝገልፅ መረዳእታ ናይ ነባርነት ፣ናይ ስራሕ መለለዩ ወይ ካሊእ መለለዩ ኦርጅናል ምስ ዘይምለስ ሓደ ኮፒ፤
- ✓ ሓዳር ኣይብለይን እንተይሉ ሓዳር ዘይብሉ ምካኑ ዘረጋግፅ ድጋፍ ካብ ማሕበዊ ቤት ፍርዲ የቕርብ፤
- ✓ ብምኽንያት ትምህርቲ ካብታ ከተማ ወፃኢ ዝነብር ቀዋሚ ሰራሕተኛ ወይ ብምኽንያት ሕማም ካብታ ከተማ ዝወፀ ነባሪ ናይ ቀዋሚ ኣታዊኡ ዝገልፅ ሕጋዊ መረጋገፂ ድጋፍ ደብዳቤ የቕርብ።
- ✓ ኣባላት ማሕበር ናብ ዕፅው ባንኪ ኣታዊ ዝገበርሉ መረጋገፂ ሰነድ ወይ ደብዳቤ ምስ ስም ዝርዝር ኣባላት
- ✓ ብሰለስተ ኮፒ ዝተዳለወ ናይ ማሕበር መተሓዳደሪ ደንቢ፤ ናይ ሕድሕድ ኣባል ሰለስተ ፓስፖርት መጠን ጉርዲ ፎቶ ከቕርቡ ኣለዎም፤
- ✓ ብሽም ሕድሕድ ኣባል ኣብ ሕጊ ቀሪቡ ተቐባልነት ዘለዎ መመዝገቢ ማመልከቻ ***ቅጥዒ 001*** ብሰለስተ ኮፒ ብኣካል ቐሪቡ ቓለ ማሕላ ክፍፅም ኣለዎም።

- **ኣፍልጦ ምርካብ**

✓ ሕድሕድ ኣባል ማሕበር ኣብ ላዕሊ ዝተቐመጡ መረዳእታታት ብምሓዝ ናብ ዝውደብሉ ከተማ ዝርከብ ቢሮ/ ቤት ፅሕፈት ፍትሒ ብኣካል ቐሪቡ ውዕሊ ይፍፅም

✓ ብዘይካ ኣባላት መከላኸሊ ሰራዊት፣ ፌደራል ፖሊስ፣ ፍሉይ ሓይሊ፣ ኣብ ትምህርቲ ወይ ፍሉይ ባህሪ ዘለዎ ስራሕ ዝተዋፈሩ ኣካላትን ብከቢድ ሕማም ምኽንያት ካብቲ ከተማ ወፃኢ ዝርከብ ትካል ሕክምና ዝርከቡ ምዃኖም መረዳእታ ዘቕርብ ኣካል ወፃኢ ብሕጋዊ ወኪል ኣቢልካ ምምዝጋብ ኣይከኣልን።

✓ ሕድሕድ ዝተመስረተ ማሕበር ናይ ባዕሉ ፋይልን ባሕሪ መዝገብን ይህልዎ፤

✓ ካብ መቐለ ወፃኢ ዘለዋ ዓበይቲ ከተማታት ንዝውደቡ ማሕበራት ካብ ከይዲ ስራሕ ምልማዕ መሬትን ማኔጅመንትን ሕድሕድ ኣባል ብባዕሉ ወይ ብባዓልቲ ሓዳሩ መንበሪ ገዛ ወይ ቦታ ዘይብሉ ምዃኑ ብውልቀ ወይ ብውዳበ መረጋገፂ ከቕርብ ኣለዎ፤

✓ ኣብ ከተማ መቐለ ንዝውደቡ ኣብታ ከተማ ብባዕሉ ወይ ብባዓልቲ ሓዳሩ መንበሪ ገዛ ወይ ቦታ ዘይብሎም ምኳኑ ኣብ ቅድሚ ሕጊ ቀሪቡ ተቐባልነት ዘለዎ ውዕሊ ቃለ ማሕላ ኣብ ቢሮ/ቤት ፅሕፈት ፍትሒ ቀሪቡ ክፍርም ይግበር፤

✓ በዝሒ ኣባላት ካብ 20 እንተንኢሱ፣ እንተበዚሑ ወይ ካብቶም ኣባላት ኣድላዪ ቅድመ ኹነት እንተይኣማለአ ዝተረፈ ሰብ እንተሃልዩ ኣፍልጦ ኣይወሃብን።

✓ ዝውደቡ ማሕበራት ቢሮ/ቤት ፅ/ት ፍትሒ ወይ ቤት ማዘጋጃ ንክውደቡ ዝተመዝገቡ ኣብ ሓደ ማሕበር ዘለዉ ኣባላት ዝርዝሮም ንሓበሬታ/ጥቆማ ክልጥፎ ይኽእል እዩ።

✓ ሕድሕድ ማሕበር ካብ ዝተወደብሉ ጊዜ ጀሚሩ ን10 ተኸታተልቲ ናይ ስራሕ መዓልትታት እቲ ምዝገባ ህዝቢ ክፈልጦን ዘድሊ ሓበሬታ ክህብን ብመርበብ ሓበሬታ፤ ጋዜጣ ወይ ብካልኦት ናይ ከባቢ መራኸብቲ ማዕኸናትን ብቢክፍለ ከተምኡን/ጣብያታቱን ህዝቢ ብበዝሒ ብዝእከበሎም ኣደባባያት ግልፂ ክግበር ይክእል።

✓ ዝኾነ ሰብ ካብ ሓደ ጊዜ ንላዕሊ እንተተወዲቡ ካብ ኩሎም ምዝገባታት ይስረዝ

✓ ዝኾነ ሰብ ኮነ ኢሉ ወይ ብሸለልትንነት ዘቕረቦ መረዳእታ ወይ ዝመልኦ ቅጥዒ ዝተጋገየ ወይ ናይ ሓሶት ምዃኑ እንተተረጋጊፁ ብሕጊ ዝሕተቶ ከም ዘሎ ኮይኑ ካብ ዘለዎ ማሕበር እውን ይስረዝ።

✓ ኩሉ መረዳእታ ኣማሊኦም ዝተወደቡ ኣካላት ናይ ገዛ መንበሪ ሕ/ስ/ማሕበር ብቢሮ/ቤት ፅ/ት ፍትሒ ሰርተፍኬት ይወሃቦም።

- ✓ ናይቲ ህንፃ ጠቕላላ ግምት 50% ንዝዓቹሩ ኣካላት ብስም ማሕበር ክዓቑሩዎ፤ 20% ዝዓቕሩ ድማ ተወሳኺ 30%ን ልዕሊኡን እቲ ባንኪ ወይ ማይክሮፋይናንስ ዘለቀሖም ምኻኑ ድጋፍ ይሕዙ።
- ✓ ሕድሕድ ማሕበር ናይ ጠቕላላ ኣባላታ ተሰሊሑ ኣብቲ መምርሒ ዝተቐመጠ ንካሕሳ ዝኸውን ወፃኢ ኣብ መቐለ ነንሕድሕዶም 5000 ኣብ ካልኦት ዓበይቲ ከተማታት ነንሕድሕዶም 4000 ናብ መንግስቲ ኣታዊ ክገብሩ ኣብ ዝተሓበረሎም እዋን ኣታዊ ይገብሩ።

- **ቦታ ምዝገባ**

- ✓ ኣፍልጦ ዝረኸበት ማሕበር ናብ ቤት ማዘጋጃ እዞም ዝስዕቡ መረዳእታታት ብምሓዝ ምዝገባ ቦታ ተካይድ
  - እታ ማሕበር ኣፍልጦ ዝረኸበትሉ ሰርተፍኬት ዋናን ዘይምለስ ሓደ ኮፒን
  - ዝፀደቐ መተሓዳደሪ ደምቢ ዋና
  - ብስም እቲ ማሕበር ኣብ ዕፁው ባንኪ ኣታዊ ዝተገብረ መረዳእታ
  - ባንኪ ወይ ትካላት ማይክሮ ፋይናንስ ነቲ ማሕበር ዘለቅሖ ምካኑ መረጋገፂ ዝሃቦ ልቓሕ ስምምዕነት ድጋፍ
  - ንካሕሳ ኣታዊ ክገብሩ ምስተሓበረሎም ዝተኸፈለ ኣታዊ ደረሰይ ኦርጅናል ምስ ዘይምለስ ኮፒ
  - ብኣጠቓላሊ ወዳቢ ኣካል ዘፀደቖ መረዳእታታት ይቐርብ
- ✓ ኣብ ላዕሊ ዝተገለፁ ዝርዝር ዝቐረቡ ድጋፋት/መረዳእታታት ብምሓዝ ኣብ ቤት ማዘጋጃ ምዝገባ የካይድ
- ✓ ቤት ማዘጋጃ መረዳእተኦም ኣማሊኦም ዝቐረቡ ማሕበራት ከከም ኣመፃፅኣ ቕደም ሰዓቦም ነናይ ባዕሎም መዝገብ ብምክፋት ኣብ ባሕሪ መዝገብ የስፍር
- ✓ ኣማሊኦም ዘይቀረቡ ማሕበራት ግና ኣማሊኦም ክሳብ ዝቐርቡ ብቕድመ ኩነትን ኣብ ቕደም ሰዓብን ክምዝገቡ ኣይኽእሉን።

- **ቦታ ዝፍቀደሉ ኣገባብ /ውሳነ ምርካብ**

- ✓ ዘድሊ ዝርዝር መረዳእታ ኣማሊኦም ዝቐረቡ ማሕበራት ብመሰረት ዝቐረበ ዝርዝሮም ቦታ ንክፍቀደሎም ብቤት ማዘጋጃ ተሰንዩ ናብቲ ከተማ ካብኔ ክለኣኽ ይግበር፤
- ✓ መረዳእተኦም ኣፅፊሮም/ኣማሊኦም ዘይቀረቡ ማሕበራት ንውሳነ ናብ ከተማ ካብኔ ክለኣኽ ኣይክእልን።

- ✓ ከተማ ካብኔ ነቶም ዝቐረብሉ ዝርዝር ማሕበራት ብዝርዝር ሪኡ ውሳነ ብምሃብ ናብ ቤት ማዘጋጃ/ቤት ፅ/ት ልምዓት ከተማን ንግዲ ኢንዳስትሪን ክለኣኽ ይግበር።

- **ኣገባብ ኣተዓዳድላ ቦታ**

- ✓ በቢእዋኑ ብከተማ ካብኔ ተወሲኖም ዝተልኣኹ ማሕበራት ቤት ማዘጋጃ ወይ ል/ከ/ንግዲ ኢንዳስትሪን በቲ መምርሒ መሰረት ከይዲ ቦታ ምትእንጋድ ይካየድ።
- ✓ ነዚ ዕላማ ተባሂሉ ዝተዳለወ መሬት ንሕድ ሕድ ብሎክ ናይ ባዕሉ ፍሉይ መለለዪ ቑፅሪ ክወሃቦ ይግበር፤
- ✓ ዝተዳለወ መሬት ብሕጋዊ ደብዳቤ ናይቲ ሳይት መፍለዪ ቑፅሪ ተገይሩ ገላፂ ብዝኾነ መንገዲ ይዳሎ።
- ✓ ዝተዳለወ መሬትን ዝቐረቡ ማሕበራትን ቑፅሮም ማዕረ እንተኮይኑ ወይ ዝተዳለወ መሬት ካብ በዝሒ ማሕበራት እንተበሊፁ ንዝበፅሖም ቦታ/ብሎክ ቑፅሪ ዕፃ ክዋደቑ ይግበር፤
- ✓ ቑፅሪ ዝተዳለወ በዝሒ ፕሎት/ብሎክ ካብ በዝሒ ማሕበራት እንተኒኢሱ ግና በዝሒ መራሕቲ ስድራ ደቂ ኣነስትዮ ወይ ኣካል ጉዱኣት 30 ፐርሰንትን ልዕሊኡን ዝሓቑፉ ማሕበራት ቅድሚት ምስተኣናገዳ ዝተረፉ ብዕፃ ተፈልየን ክተኣናገዳ ይግበር፤
- ✓ ኣብቲ ቐዲሙ ዝተዳለወ መሬት ከይተተኣናገዳ ዝተረፉ ማሕበራት እንተሃልየን ኣብ ቐፃሊ ዝግበር ዕደላ ፕሮግራም ቐዲመን ወይ ቀዋታ ንበይነን ዕፃ ተዋዲቐን ክተኣናገዳ ይግበር።
- ✓ ከይዲ ዕፃ ምውዳቕ ኣግባብነት ዘለዎ ቓለ ጉባኤ ብምሓዝ ካብ ኣብያተ ማዘጋጃ ፣ ኤጀንሲ ልምዓት ኣባይቲን ካብተን ዕፃ ዝዋደቓ ማሕበራት ካብ ሕድሕድኤን ዝውከል ሓደ ሓደ ሰብ ኣብ ዝተረኽብሉ ይካየድ።
- ✓ ናብቲ ዕፃ ምውዳቕ ስነስርዓት ዘይወከላ ማሕበራት እንተሃልየን `ውን ግና ከይዲ ዕፃ ምውዳቕ ግና ክቕፅል ይኽእል እዩ።
- ✓ ናይቲ ኮሚቴ ሰብሳቢ ካብ ቤት ማዘጋጃ ዝተወከለ፣ ፀሓፊ ካብ ኤጀንሲ ኣባይቲ ዝተወከለ ዝተረፉ ኣባላት ብምኳን ነቲ ዕፃ ምውዳቕ ስራሕ የካይዱ።

- **ኣገባብ ቦታ ምርካብ ቕደም ሰዓብ**

- ✓ ናይ ቦታ ዕፃ ዝበፅሖም ማሕበራት ዝርዝሮም ናብ ከይዲ ስራሕ ምልማዕ መሬትን ማኔጅመንትን ኣታዊ ይግበር፤

- ✓ ብመሰረት ዝበፅሖም ፕሎት/ብሎክ ቁፅሪ ዝተፈቐደ ቦታ ኣብ ምልማዕ መሬትን ማኔጅመንትትን ናይ ህንፀት ውዕሊ ቐሪቦም ክፍርሙ ይግበር፤
- ✓ ውዕሊ ዝፍፅሙ ኣካላት ነቲ ማሕበር ብዝወከሉ ኣብ ናይቲ ማሕበር መተሓዳደሪ ደንቢ ዝተሰየሙ ኣካላት ይኾኑ፤
- ✓ ውዕሊ ዝኣሰሩ ማሕበራት ናይቲ ውዕሊ ዝኣሰርሉ ፕሎት/ብሎክ ዝገልፅ መረጋገፂ ሓባራዊ ሳይት ፕላን ብስም እቲ ማሕበር ተዳልዩ ክወሃቦም ይግበር።
  - እቲ ዝውሃብ ናይ ሓባር ሳይት ፕላን ነቲ ቦታ በዚ መምርሒ ዝተፈቐደ ምክኑ ዝሕብር ርእሲ፣ ናይ ማሕበር ስም፣ ስፍሓት፣ መዋሰኒ፣ ፕሎት/ብሎክ ቁፅሪ፣ መመላኸዒ ኣንፈት ኣካቲቱ ብበዓል ሞያ ፕላነር ተዳልዩ ብመተሓባበሪ መሬት ምልማዕን ማኔጅመንትትን ፀዲቑ ክወሃብ ይግበር።
- ✓ ቤት ማዘጋጃ ነቲ ውዕሊ ዝተኣሰርሉ ቦታ ኣብ ውሽጢ 15 መዓልታት ነቶም ማሕበራት ከረክብ ኣለዎ።
- ✓ ሕድሕድ ማሕበራት ዝተዳለወ ናይ ገዛ ዲዛይን /Typology/ መሪፆም ቦታ ካብ ዝተረከብሉ ኣብ ውሽጢ 15 መዓልታት ከቕርቡ ኣለዎም።
- ✓ ዝኾነ ይኹን ማሕበር ዝመረፆ ህንፃ ዲዛይን ብሽም እቲ ማሕበር ኣብ ቤት ማዘጋጃ ወይ ምልማዕ መሬትን ማናጅመንትን ብስም እቲ ማሕበር ማህተም ምስዓረፎ ህንፀት ክካይድ ኣለዎ።
- ✓ ናይ ባዕሎም ዲዛይን ዘቕርቡ ማሕበራት ዲዛይኖም በቲ መምርሒ መሰረት ዝተዳለወ ምክኑ ተረጋጊፁ ናብ ቢሮ ከ/ል/ን/ኢንዳስትሪን ወይ እቲ ቢሮ ዝወከሎ ትካል ውዕሊ ካብ ዝኣሰርሉ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ኣቕሪቦም ተቐባልነት እንተረኺቡ ክቕፅሉ ይግበር።
- ✓ ናይቶም ዝቐረቡ ታይፖሎጂ ዲዛይናት ዝርዝር ፕላን ክከም ናይቲ ከተማ ኩነታት ካብቲ ናይቲ ታይፖሎጂ ዲዛይን ለውጢ ከይተገበረ ኣብ ኤሌክትሪካል፣ ተፋሰስን ቁመት መዋቕርን ክስረሓሉ ይኽእል እዩ።
- ✓ ቢሮ ል/ከ/ን/ኢንዳስትሪን ተወሰኽቲ መማረፂ ታይፖሎጂታት ክልእኽ ይኽእል።
- ✓ ናይ ህንፀት መጀመርን መዛዘሚን እዋን ብመሰረት ኣብ ደንቢ 76/2005 ዝተቐመጠ እዋን ኮይኑ ማሕበር ህንፃ ታይፖሎጂ ዲዛይን መሪፁ ካብ ዝፀደቐሉ እዋን ጀሚሩ ይሕሰብ።

- ✓ ምስ ባንኪ ወይ ትካላት ማይክሮ ፋይናንስ ምትእስሳር ዝገበሩ ማሕበራት እንተኾይኖም እቲ ዝተውሃበ ሳይት ፕላን ናይ ገዛ ፕላንን ውዕሊን ብስም እቲ ባንኪ ክምዝገብ/ክእገድ ይግበር።

## ክፍሊ ክልተ

## ምድላው መሬት ፣ህንፃ፣ ምልቃቕ ካብ ዕፁዉ ባንኪ፣ ዝተዓቖረ ገንዘብን ምርካብ ዉልቀ ካርታን

### ሀ. ቦታ ምድላው፥

- ✓ ከተማታት ነዚ ናይ ዓርሰ ሓገዝ ሓባር መንበሪ ኣባይቲ ዝውዕል እኹል መሬት ብምምራፅ ከዳልዋ ኣለወን።
- ✓ ከይዲ መረፃ ከባቢ ሕ/ሰብ ዘሳተፈ፣ ፕላን ከተማ ዝተኸተለ፣ ንኣቀማምጣ ህንፀት ማሕበር ገዛ ዝምቹ ክከውን ኣለዎ።
- ✓ ነዚ ዕላማ ዝተዳለወ መሬት ዝርከብ ከባቢ ኣብቲ መዋቕራዊ ፕላን ካብ ዝተቐመጡ ናይ ዋናዋና መንገዲን ካልኦት ሓበራዊ ማሕበራዊ ግልጋሎትን ወፃኢ እቲ ከባቢ ደጊምካ በዞም ናይ ማሕበር ስፍሓት መሰረት ይሸንሸን።
- ✓ ዝሸንሸን መሬት ኣብ ዓበይቲ ከተማታት መቐለ፣ ኣላማጣ፣ ኮረም፣ ማይጨው፣ ዓብዩ ዓዲ፣ ዉቕሮ፣ ዓዲ ግራት፣ ዓድዋ፣ ኣክሱም፣ ሽረ-እንዳስላሰ ዝወሃብ ህንፃ ዝዓርፎ ናይ ሓባር ህንፃ ስፍሓት ንሓደ 20 /ዒስራ/ ኣባላት ዝሓዘ ማሕበር ዝወሃብ ህንፃ ዝዓረፎ ጥራሕ ስፍሓት ቦታ *1400 /ሓደ ሽሕን ኣርባዕተ ሚኢትን/* ትርብዒት ሜትሮ ኮይኑ ሕድሕድ ብሎክ ናይ ሓባር ህንፃ ካብ መንገዲ /set back/ ክልተ ሜትሮ ራሒቑ ክህነፅ ኣለዎ፤
- ✓ ኣብ መንጎ ህንፃን መንገድን ዘሎ 2 ሜትሮ /set back/ ሴት ባክ ካብቲ 1400ሜካሬ ስፍሓት ወፃኢ ይኸውን።
- ✓ ኣብ ዓበይቲ ከተማታት ሽራሮ ን ሑመራን ንሓደ *16 / ዓሰርተ ሽዱሽተ/* ኣባላት ዝሓዘ ማሕበር ዝፍቀድ ህንፃ ዝዓርፎ ናይ ሓባር ህንፃ ስፍሓት ቦታ *1600/ሓደ ሽሕን ሽዱሽተ ሚኢትን/* ትርብዒት ሜትሮ ኮይኑ ሕድሕድ ብሎክ ናይ ሓባር ህንፃ ካብ መንገዲ /set back/ ክልተ ሜትሮ ራሒቑ ክህነፅ ኣለዎ፤
- ✓ ኣብ መንጎ ህንፃን መንገድን ዘሎ 2 ሜትሮ /set back/ ሴት ባክ ካብቲ 1400ሜካሬ ስፍሓት ወፃኢ ይኸውን።




**መብርሂ**

እዛ ሓንቲ ብሎክ እዚኣ ናይ ሓደ ማሕበር ወይ ናይ 20 ሰብ ኮይና፤ ህንፃ እንትዓርፍ ኣብ ክልተ ተመቒሉ በቢ 10 ሑቖ ንሑቖ ተደጋጊፉ ይስራሕ

*ስእሊ 1. ኣብ ዓበይቲ ከተማታት መቐለ፣ ኣላማጣ፣ ኮረም፣ ማይጨው፣ ዓብዩ ዓዲ፣ ዉቅሮ፣ ዓዲ ግራት፣ ዓድዋ፣ ኣክሱም፣ ሽረ-እንዳስላሰ ንሕድሕድ ማሕበር ዝህሉ ሸንሻኖ*




**መብርሂ**

እዛ ሓንቲ ብሎክ እዚኣ ናይ ሓደ ማሕበር ወይ ናይ 16 ሰብ ኮይና፤ ህንፃ እንትዓርፍ ኣብ ክልተ ተመቒሉ በቢ 8 ሑቖ ንሑቖ ተደጋጊፉ ይስራሕ

*ስእሊ 2. ኣብ ዓበይቲ ከተማታት ሽራሮ ን ሑመራን ንሓደ ማሕበር ዝህሉ ሸንሻኖ*

**ለ. ዝዳሎ ሰፈር ፕላን**

- ✓ ከተማታት ነዚ ዕላማ ዝኸዉን ቦታ መሪፀን ናይቶም ዝህነፁ ብሎካት ኣቀማምጣን ሰፈር ልምዓት ዲዛይንን ከዳልዋ ኣለወን፤
- ✓ ኣብቲ ዝዳሎ ሰፈር ፕላን ብመሰረት በዝሒ ተኣናገድቲ ነቲ ከባቢ ዘድሊ ናይ ማሕበራዊ ግልጋሎት፣ ግልጋሎት ማእኸልን ሓምለዋይ ናይህዝቢ ቦታን ተሓሳቢ ክገብር ኣለዎ።



*ስእሊ 3. አቀማምጣ ሰፈር ከም ኣብነት*

## ሐ. ዝህነፅ ዓይነት ህንፃ ዝምልከት፥

- ✓ ኣብ ኩለን 12 ዓበይቲ ከተማታት ትግራይ ኣብ ዓርሰ ሓገዝ ናይ ሓባር መንበሪ ኣባይቲ ዝስራሕ ህንፃ በዓል ሓደ ደብሪ /Modern Town House/ ይኸውን፤
- ✓ ኣብ ሓደ ማሕበር ዝህልዉ ኣባላት ነንሕድሕዶም ኣብ መሬትን ላዕለዋይ ደብሪን ናይ ባዕሎም ገዛ ይህልዎም
- ✓ ዝስራሕ ህንፃ ንሕድሕድ ማሕበር ዝህልዎ ናይ መንበሪ ግልጋሎት ኣብ ታሕተዋይ ደብሪ /መሬት/ Ground Floor/ ሳሎን ምስ መመገቢ ፥ ክሽነ፥ ሽንት ቤትን መደያየብን ኮይኑ ኣብ ላዕለዋይ ደብሪ/Upper Floor/ ሰለስተ መደቀሲ ን ሽንትቤትን ይህልዎ።
- ✓ ኣብ ሓደ ማሕበር ዝህሉ መዋቕር ይኩን ደጋዊ ገፅታ ማለት ቀለም ን ሓፁርን ሓዊሱ ሙሉእ ብሙሉእ ክሳብ ዝዛዘም ተነፃጺልካ ምስራሕ ኣይፍቀድን።
- ✓ ሕድሕድ ኣባል እቲ ማሕበር ኣብቲ ህንፃ ይኩን መሬት ማዕረ ብፅሒት ህንፃ ዝዓርፎ ከምዘሎ ኮይኑ ንንሕድሕዱ ናይ ሓባር መጥቀሚታት ኣለዎ
- ✓ ኣብ ሓደ ማሕበር ዝህሉ ህንፃ ጠቕላላ መዋቕሩ ይኩን ደጋዊ ገፅትኡ ሙሉእ ብሙሉእ ክሳብ ዝዉዳእ ተመሳሳሊ ዲዛይን ይኸውን።
- ✓ ኣብ ሓደ ማሕበር ዝህሉ ደጋዊ ገፅታ ማለት ቀለም ን ሓፁርን ሓዊሱ ሙሉእ ብሙሉእ ተመሳሳሊ ይከውን

## መ. ግምት ህንፃ ፥

- ✓ ኣብ ኩለን 12 ዓበይቲ ከተማታት ትግራይ ኣብዚ ዓርሰ ሓገዝ ናይ ሓባር መንበሪ ኣባይቲ ንሓደ ኣባል ዝበፅሖ ገዛ ነቲ ህንፃ መዋቅራዊ ስራሕቲን ደጋዊ መዛዘሚን ሓዊሱ ጠቅላላ ግምቱ ነንሕድሕዱ ኣባል ዝበፅሖ 240,000 (ክልተ ሚኢቲን ኣርብዓን ሽሕ ቅርሺ) ይኸዉን፤
- ✓ ምስ ባንኪ ልቓሕ ምትእስሳር ከይገበሩ ዝሰርሑ ማሕበራት ሕድሕድ ኣባል 20% ኣብ ዕፁው ባንኪ ኣጠራቒሙ ሕጋዊ ናይ ዓርሰ ሓገዝ መንበሪ ሕብረት ስራሕ ማሕበር ኣፍልጦ መለለይ/ሰርቲፊኬት/ ብምርካብ፤ኣፍልጦ ምስረኸበ ድማ 30% ወሲኹ ጠቕላላ *50% ብር 120000/ሚኢቲን ዕስራን ሽሕ/* ኣብ ዕፁው ባንኪ ወይ ትካላት ማይክሮ ፋይናንስ ክዓቁር ዝኸኣለ/ት ማሕበር ቦታ ይወሃባ፤
- ✓ እቲ ማሕበር ምስ ባንኪ ወይ ትካላት ልቓሕን ዕቋርን ናይ ልቓሕ ምትእስሳር ዝገብር እንተኮይኑ መበገሲ ካፒታል ናይቲ ጠቅላላ ግምት 20% ኣብ ባንኪ ኽዓቁር እንተኺኢሉ ተወሳኺ ናይ ልቃሕ ስምምዕነት ካብ ጠቅላላ ግምት 50% ዘይነኣሰ ክምዘለቅሖ፤ ባንኪ ወይ ማይክሮ ፋይናንስ ብስም እቲ ማሕበር ዝተቐመጠ ገንዘብ ከምዘሎ መረጋገፂ ደብዳቤ ከቕርቡ እንተኺኢሎም ቦታ ይወሃብ።
- ✓ ብስም ማሕበር ኣብ ዕፅው ባንኪ ዝተቀመጠ መጠን ገንዘብ እቲ ማሕበር በቢእዋኑ ብምውፃእ ወይ ምስ ባንኪ ብምትእስሳር ህንፀቱ ናይ ምዝዛም ግዴታ ኣለዎ።

## ረ. ምልቃቕ ካብ ዕፁዉ ባንኪ፣ ዝተዓቘረ ገንዘብ ዝምልከት፥

- ✓ ኣብ ዕፁዉ ባንኪ ሒሳብ ካብ ዝተቐመጠ ጠቕላላ መጠን ገንዘብ ዝልቀቕ ገንዘብ ኣርበዓ ሚኢታዊ (40%) ቦታ ተረኪቦም ዉዕሊ ኣሲሮም ፍቃድ ህንፀት ምስተውሃቦ፤ 40 ሚኢታዊ (40%) ናይ መሬት ስራሕቲ ተዛዚሙ ናይ ጠቅላላ ማሕበር ዓንዲታት/ኮለናት /colomun/ ምስተዛዘመ፤ ዓሰርተ ሚኢታዊ /10%/ ጠቅላላ መዋቕርን ናሕስን ምስተዛዘመ፤ ዓሰርተ ሚኢታዊ /10%/ ደጋዊ መዛዘሚን ህንፀት እንተጠናቕቑ ይኸዉን፤
- ✓ ምስ ባንኪ ልቓሕ ዝተኣሳሰሩ ማሕበራት መጀመርያ ቦታ ምስተረከቡ ዝልቀቕ መጠን ገንዘብ ብመሰረት ምስቲ ባንኪ ዝገበርዎ ስምምዕነት ኮይኑ ዓሰርተ ሚኢታዊ (10%) ግና ናይ መዋቕርን ደጋዊ መዛዘሚን ህንፀት እንተጠናቕቑ ይኸዉን፤

## ሰ. ምርካብ ዉልቀ ካርታ፣

- ✓ ኣብ ዓርሰ ሓገዝ ናይ ሓባር መንበሪ ኣባይቲ ዝሰርሑ ማሕበራት ንሕድሕድ ኣባል ማሕበር ክፍፍል ብዕሒት ገዛ ዘካይዳ ጠቕላላ ናይ መዋቕር ን ናሕሲን ከምኡ እዉን ደጋዊ ገፅታ ህንፀት ምስተዛዘመ ኮይኑ ክፍፍል ገዛ ምስ ኣካየዱ ናይ ገዛ ትሕዝቶ መረጋገፂ ካርታ ንሕድሕድ ኣባል ክበፅሖ ዝግበር ኮይኑ ልቓሕ ዘለዎ እንተኮይኑ ተኣጊዱ ክቕመጥ ይግበር።
- ✓ ህንፀት ምስተዛዘመ ምስ ባንኪ ምትእስሳር ልቓሕ ዝገበሩ ማሕበራት ልቓሕ ዝመለሱ ምካኖም ወይ እቲ ልቓሕ ነናብ ውልቀኦም ንክዛወር መለቅሒ ትካል ባንኪ ወይ ማይክሮ ፋይናንስ ከረጋግፅ ኣለዎ
- ✓ ሕድሕድ ኣባል ማሕበር ክፍፍል ብዕሒት ገዛ ምስ ኣካየደ ናይ ውሽጢ ገዝኡ /ብዕሒቱ/ ናይ ውሽጢ ገፅታን መክፋፈሊን ክሃንፅ ዝክእል ኮይኑ እቲ ማሕበር ግና ብናይ ሓባር ደንቢ ዝቕፅል ይከውን፤
- ✓ ማሕበር ህንፀት ምስዛዘመ ክፍፍል ከካይድ ኣብ ዝክእለሉ ደረጃ ምብፅሑ ናብ ቤት ማዘጋጃ መሬት ዘማሓድር ኣካል ኣመልኪቱ ብፅሑፍ መረጋገፂ ምስ ረከበ ብዕፃ ክፍለዩ ይግበር።
- ✓ ዝኾነ ይኹን ኣባል ማሕበር ናይ ውልቀ ካርታ ምስሓዘ ካብቲ ናይ ሓባር ዲዛይን ወፃኢ ብውልቁ ተወሳኺ ደጋዊ ህንፀት ከካይድ ኣይኽእልን።
- ✓ ኣብዚ ማሕበር ተወዲቦም መንበሪ ኣባይቲ ንዝሃንፁ ዝወሃቡ ቦታታት ካብ ንተሓራሲ መሬት ወፃኢ ዝተኸፈለ እንተሃልዩ ካሕሳን መሰረተልምዓትን ወፃኢ ጥራሕ ማእኸል ዝገበረ ሓዱሽ መበገሲ ዋጋ ሊዝ ከውፅኣ ዝግበር ኮይኑ ካብቲ ዝነበረ ናይ መንበሪ መበገሲ ዋጋ ሊዝ ዝተሓተ ክኸዉን ይግባእ፤
- ✓ ሕድሕድ ኣባል እቲ ቦታ ዝፍቀደሉ ብ ናይቲ ከባቢ ንማሕበር ተባሂሉ ዝተዳለወ መበገሲ መንበሪ ዋጋ ሊዝ ይከውን ፤
- ✓ ዋጋ ሊዝ መሬት ምኽፋል ዝጅምር ናይ ዉልቀ ካርታ እንተሕዝ ኮይኑ እቲ ማሕበር ቦታ ካብ ዝተረከበሉ ክልተ ዓመትን ሽዱሽተ ወርሒን ክበልፅ የብሉን
- ✓ ሕድሕድ ኣባል ማሕበር ዉዕሊ ሊዝ እንትፍፅም ቅድመ ክፍሊት *10 /ዓሰርተ/* ሚኢታዊ ክኸፍሉ ይግበር፤
- ✓ ሕድሕድ ኣባላት ማሕበር ውልቀ ካርታ እንትሕዙ ዉዕሊ ሊዝ መሬት ዝፍፅሙ ኮይኖም ኣብ ደንቢ ሊዝ ዝተቐመጠ ሊዝ ዘበን ይኸዉን፤

- ✓ ዘበን መሬት ሊዝ ከተማ ምሕሳብ ዝጅምር ማሕበራት ቦታ ካብ ዝተረከብሉ እዋን ክፍሊት ዝጅመር ግና ዉልቀ ካርታ ካብ ዝሓዝሉ እዋን ጀሚሩ ኮይኑ ኣብ መምርሒ ሊዝ ዝተቐመጠ መክፈሊ እዋን ተሰሊሑ ይከውን፤

## ሸ. ናብ ሳልሳይ ወገን ብዛዕባ ምዝዋርን ብካፒታል ኣስተዋፅኦ ምትሓዝን፣

- ✓ ዝኮነ ኣባል ብዘይካ ውርሲ ህንፀቱ ሙሉእ ብሙሉእ ከይተዛዘመ ናብ ሳልሳይ ወገን ምትሕልላፍ ኣይፍቀድን
- ✓ ዝኮነ ማሕበር መሬት ምስተረከበ ወይ ቅድሚ መሬት ምርካቡ ብስም እቲ ማሕበር ብባንኪ ወይ ማይክሮ ፋይናንስ ብካፒታል ኣስተዋፅኦ ከትሕዝ ይክእል
- ✓ ሕድሕድ ኣባል ማሕበር ናይ ውልቀ ካርታ ምስሓዙ ትሕዝተኦም ብካፒታል ኣስተዋፅኦ ናይ ምትሓዝን ናብ ሳልሳይ ወገን ምዝዋርን መሰል ዘለዎ ኮይኑ፤ ህንፀት ኣጠቃሊሉ ድሕሪ ምእታዉ ኣብ ውሽጢ 5+ (ሓሙሽተ) ዓመት ናብ ሳልሳይ ወገን እንተመሓላሊፉ በዚ ናይ መንበሪ ኣባይቲ ፕሮግራም ወይ ተመሳሳሊ ካሊእ ፕሮግራም ይኹን ካልኦት ናይ መንግስቲ ኣባይቲ ፕሮግራማት ተጠቃሚ ክኸውን ኣይክእልን።
- ✓ ዝኮነ ኣባል ማሕበር ዘይግበኦ ኮይኑ እንትርከብን ናይ ምጥቃም መሰሉ ክሕደግ እንትውሰንን ማሕበራት ምስ ወዳቢ ኣካል ብምርድዳእ ዝትካእ ኣካል በዚ መምርሒ ኣገባብ ኣወዳድብኡ ዘማለአ እንትከውን ይከውን
- ✓ ዝኮነ ይኩን ማሕበር ህንፀቱ ብዝኣተዎ ውዕሊ እንተዘይጀሚሩን እንተዘይኣጠናቐቐን ኣብ ባንኪ ካብ ዝተዓቐረ 10 ሚኢታዊ ገንዘብ ሙሉእ ብሙሉእ ናብ መንግስቲ ኣታዊ ብምግባር እቲ ቦታ ተመንጢሉ ኣማሊኢ ንዝቐረበት ካሊእ ማሕበር ይመሓላለፍ።
- ✓ እቲ ማሕበር ህንፀት ጀሚሩ ብውዕሉ መሰረት እንተዘይኣጠናቐቐ ብመሰረት መምርሒ ሊዝ እቲ ህንፃ ተገሚቱ እቲ መሬት ናብ ካሊእ ክመሓላለፍ ይግበር
- ✓ ዝኮነ ይኩን ማሕበር ካብቲ ዝተፈቐደ ዲዛይን ይኩን ቦታ ወፃኢ እንተሃኒፁ ብመሰረት ኣዋጅ ሊዝ ከምኡ እዉን ህንፃ ኣዋጅ ተቐፂዑ እቲ ቦታ ኣታዊ ክግበር ይኽእል

## ዝተፈላለዩ ቕጥዕታት

ፎቶ

**ቕጥዒ 001**

**ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ኣውራ ከይዲ ስራሕ ምርግጋፅን ምዝገባን ሰነዳት**

**ናይ ዓርሰ ሓገዝ ሓባር መንበሪ ኣባይቲ ሕ/ስ/ማሕበር ንምውዳብ መመዝገቢ ማመልከቻ ቕጥዒ**

1. ናይ መመልከቲ ኩነታት ፣

1.1. ሽም______________________ሽም ናይ ኣቦ______________________ናይ ኣባሕጎ ሽም______________________

ፆታ____ የትውልዲ ዘመን /________/_____/___________ ዓ.ም

1.2. ናይ ኣደ ሽም__________________ሽም ናይ ኣደ ኣቦ____________________

ሽም ናይ ኣደ ኣባሕጎ____________________

1.3. **ኩነታት ሓዳር፣** ዝተመርዐወ/ወት☐ ዘይተመርዐወ/ወት☐ ብፍትሕ ዝተፈለየ/ት☐ ብሞት ዝተፈለየ/ት☐

- ዝተመርዐወ/ወት እንተኮይኑ/ና ናይ በዓልቲ ሓዳሩ/ራ ሽም ምስ ኣባሕጎ____________ ________________________________________________________

1.4 ናይ መመልከቲ መንበሪ ኣድራሻ

- ክፍለ ከተማ/ጣብያ____________________________________
- ቁፅሪ ገዛ__________ናይ ነባርነት መለለይ መንነት ቁፅሪ__________________
- ናይ ገዛ ቁፅሪ ስልኪ_____________ናይ ሞባይል ስልኪ ቁፅሪ________________

1.5 ዝነብረሉ/እትነብረሉ ገዛ ኩነታት ፡- ናይ ቀበሌ ☐ ናይ ኪራይ ኣባይቲ☐ ደባል☐ ፅግዕተኛ ☐ናይ ውልቀ ሰብ ኪራይ ☐ ካሊእ ☐

1.6 ኣመልካቲ ኣብቲ ከተማ ውሽጢ ብተኸታታሊ ዝተቐመጠሉ ዓመት፡__________

1.7 ኣመልካቲ ናይ__________ከተማ ነባሪ ኮይኑ ነገር ግን ብተኸታታሊ ክልተ ዓመት ብስራሕ ወይ ብትምህርቲ ምኽንያት ካብቲ ከተማ ወፂኡ ይነብር ዝነብረ ምኻኑ መረዳእታ እንተሊዩዎ ይገለፅ፤_______________________________________

1.8 ኩነታት ስራሕ፤ ናይ መንግስቲ ቁፃር ☐ ናይ ልምዓት ትካል ☐ ናይ ውልቀ ስራሕ ☐ ካሊእ ☐

1.9 ናይ ስራሕ ኣድራሻ

- ናይ ቤት ፅዮ ስም_______________________________________ ዝርከበሉ

  ክፍለ ከተማ/ ቀበሌ________________ስልክ ቁጥር_________________

  ፖ.ሣ.ቁ.________ ኢሜል____________________________________

1.10 ናይ ኣመልካቲ ጉድኣት ኣካል ፡- ኣለዎ ☐ የብሉን☐

- ጉድኣት ኣካል እንተሊይዎ ናይቲ ጉድኣት ዓይነት፡ መረጋገፂ መረዳእታ ይገለፅ______ ______________________________________________________________ _____/

4.2 ናይ ______________ማሕበር ፅሁው ሒሳብ ቁጠባ ደብተር ቁፅሪ_______________

ቅርንጫፍ _______________

**7. ኣነ ሽመይ ኣብ ላዕሊ ዝተገለፀ መመልከቲ ፡-**

7.1. ኣብ ____________ከተማ ውሽጢ ብሽመይ ወይ ብበዓል/ቲ ሓዳረይ ሽም ዝተመዘገበ መንበሪ ገዛ ወይ ናይ ገዛ መስርሒ ቦታ ዘይብለይን ምዃነይ፤

7.2. ኣብ ____________ከተማ ውሽጢ እንተነኣሰ ንተከታታሊ 2 ዓመት ዝነበርኩን ይነብር ዘለኹን ምዃነይ፤ /ብነባርነት ንዘውደብ/

7.3. በዚ ማመልከቻ ቅጥዒ ዝመላእኹዎን ዝሀብኩዎን መረጋገፂ ስሕተት ኮይኑ እንተተረኺቡ ናይ ምዝገባ ውዕሊ ዝፈርስ ምዃኑን እቲ ዝተውሃበኒ መሰል ንዝምልከቶ ንምርካብ፣ ኣብዚ መምርሒ ዓንቀፅ 19 ዝተቐመጡ ቅፅዓታት ብሕጊ መሰረት ተጠያቂ ከም ዝኾንን ብምስምማዕ እዚ ማመልከቻ ቅጥዒ ሎሚ___ ዕለት______ዓ.ም ብምምላእ ብፊርማይ የረጋግፅ ።

ሽም ናይ መመልከቲ______________________________ ፊርማ__________

## <u>ሕዛል 2 ናይ ዝውደቡ ማሕበራት ባሕሪ መዝገብ ቕጥዒ</u>

ስም ማሕበር ------------------------------------------------------ ዕለት---------------------------------------------

| ተ/ቁ | ስም ኣባል ምስ ኣባሓጎ | ናይ ኣዶ ስም | ናይ በዓል/ቲ ሓዳሩ/ራ ስም | ኣድራሻ | | | ኩነታት ስራሕ | መለለዪ መንነት ቁፅሪ | መለለዪ መንንት ዝተውሃበሉ ዕለት | መለለዪ መንነት ዝተሓደሰሉ ዕለት | ናይ ስራሕ ኣድራሻ | ናይ ቤት ዕዮ ድጋፍ ቁፅሪ | ፊርማ |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| | | | | ቀበሌ | ገዛ ቁፅሪ | ስልኪ ቁፅሪ | | | | | | | |
| 1 | | | | | | | | | | | | | |
| 2 | | | | | | | | | | | | | |
| 3 | | | | | | | | | | | | | |
| 4 | | | | | | | | | | | | | |
| 5 | | | | | | | | | | | | | |
| 6 | | | | | | | | | | | | | |
| 7 | | | | | | | | | | | | | |
| 8 | | | | | | | | | | | | | |
| 9 | | | | | | | | | | | | | |
| 10 | | | | | | | | | | | | | |
| 11 | | | | | | | | | | | | | |
| 12 | | | | | | | | | | | | | |
| 13 | | | | | | | | | | | | | |
| 14 | | | | | | | | | | | | | |
| 15 | | | | | | | | | | | | | |
| 16 | | | | | | | | | | | | | |
| 17 | | | | | | | | | | | | | |
| 18 | | | | | | | | | | | | | |
| 19 | | | | | | | | | | | | | |
| 20 | | | | | | | | | | | | | |